# ህዝባዊ ነብሰ-ፍተሻ (national soul-searching)

ብኣማኑኤል ሳህለ: November 5, 2017

ነዚ ጽሑፍዚ ከቕርብ ካብ ዝደረኸኒ ሓደ ምኽንያት እዚ ዚስዕብ እዩ፥ ኣብ ኤርትራ ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት ንህዝቢ ዘበራበረ ናይ ተቓውሞ ተግባራት ይንኣስ ይዕበ ተኻዪዱ እዩ። ኣብዚ ቀረባ ግዜ ከም እተኻየደ እውን ኩሉ ሰብ ዚፈልጦ ሓቂ እዩ። ኩሉ ንሃገሩ ዝሓስበላ ዜጋ እውን ኣብቲ ህዝብን ኣብቲ ሓድነቱን ትብዓቱን ናይ ዘይምንብርካኽ መንፈሱን ተስፋ ገይሩ እዩ። ቀሪብና ኢና፣ ኪሓልፍ እዩ፣ ሃገርና ናብቲ ንቡር ኩነታታ ክትምለስ እያ ወዘተ ዚብል ሰብ ድማ ውሑድ ኣይኮነን። ይኹንምበር፡ ጎድኒ ጎድኒ ናይዚ ድራኺዚ፡ ናይ ምጥርጣርን ምብትታንን ምክፍፋልን ምምቕቓልን ሓይልታት እውን ተቐልቂሎም እዮም። ካብ ምቕልቃል እውን ኣዕሪፎም ኣይፈልጡን።

ህዝባዊ ተቓውሞ ኪግንፍል ከሎ፡ ኣብ ክንዲ ነቲ ጉዳይ ከም ሓደ ንኣዕኑድ መንግስታዊ ጭቆና ብብቕሩብ ዝቐርምምን ጸኒሑ ድማ ዘፍርስን ተበግሶ ጌርካ ምርኣይ፡ ብናይ ሃይማኖታውን ኣውራጃውን ሰልፋውን ዓይኒ ጌርካ ብምርኣይን ብምምዛንን ኣብ ናይ ጥርጠራን ባእስን ዘለፋን፡ ኣብ ናይ ፖለቲካዊ ቍርቍስን ረግረግ ምሽማም፡ ነቲ ቐጺለ ክብሎ ደልየ ዘሎኹ ናይ መግዛእታዊ ዘመናት ህያብ ዝኾነ ኣብ ገለ ክፋል ህዝብና ሰፊኑ ዘሎ ኣሉታዊ ባህርያት መሰረት ይኾኖ። ስለዚ ድማ ኩሉ ኤርትራዊ ነብሱ ክፍትሽ ዘድሊ ኾይኑ ይስመዓኒ።

ተቓውሞ፡ ካብ ዝኾነ ሸነኽ ይምጻእ፡ ዝኾነ ዓይነት ፖለቲካዊ ወይ ቁጠባዊ ወይ ባህላዊ ልብሲ ይልበስ፡ ዝኾነ ዓይነት ስልቲ ይጠቐም፡ ነቲ ስርዓት ዘርዕዶን ኣንፈቱ ዘጥፍኣሉን ዘዳኽሞን ፖለቲካውን ቁጠባውን ዓንድታቱን ኣውታራቱን ዝነቓንቐን ክሳዕ ዝኾነ፡ ህዝባዊ ተቐባልነት ኪረክብን ኪተባባዕን፡ ኣብ ህዝቢ ተኣማንነት ከም ዘተኣታቱ ብምግባር ጻዕሪ ኪካየደሉን ይግባእ። እቲ ዕላማ እንታይ ድዩ? ነቲ ህዝቢ ካብ ጭቆና ከም ዚናገፍ ምግባር ዶ ኣይኮነን? ድሕነት ሃገር ምውሓስ ዶ ኣይኮነን? ስለምንታይ ደኣ ገለ ተቓውሞ ኪብገስ ከሎ ብገለ ወገናት ዘይቅኑዕን ዘይዕላማኡን ትርጉም ዚወሃቦ ዘሎ? ኣብ ኩሉ ድዩ እቲ ናይ ምፍልላይ ባህርያት በጨቕ ዚብለና ዘሎ?

ሽሕኳ ንኸምዚ ዝበለ ኣሉታዊ ባህርያት ከም ሕላገት ባህርያት ኤርትራዊ ገይረ ክወስዶ እንተ ዘይተበገስኩ፡ ኣብ ገለ ክፋላት ህዝብና መመሊሱ ይረአ ስለ ዘሎ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ነብሱ ንምፍታሽ ወዓል ሕደር ዘየልዮ ስጉምቲ እዩ። ከምዚ ክብል ከሎኹ፡ ኣብቲ ህዝቢ እምነት ስለ ዘጕደልኩ ዘይኮነስ፡ ከምዚ ዝበለ ኣሉታውን ኣፍራስን ባህርያት ከይስዕርር ስለ ዝሰጋእኩ እየ። ንኸምዚ ዝበለ ባህርያት ድማ ብመገደይ ክትንትኖ ክፍትን እየ።

ኩሉ ገዛእን ጨቋንን ስርዓት፡ ባዕዳዊ ይኹን ዘቤታዊ፡ ደልዲሉን ሓዪሉን ጭቆናኡ ዘስፍን ብናይቲ ህዝቢ ውሽጣዊ (sub-conscious) ፍቓድ እዩ። ህዝቢ ብምሉእ ልቡን መንፈሱን ሕልናንኡን ዘይደልዮ ዓይነት ስርዓት ናብ ላዕሊ ኪድይብ ፈጺሙ ኣይክእልን። እቲ ውሽጣዊ ፍቓድ ደኣ ካበይ ዝመጸ እዩ? ኢልካ ኪጥየቕ ይከኣል። እዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ መግዛእታዊ ዘመናት ቀስ ብቐስ ኣብቲ ህዝቢ ዝለሓመን ህዝቢ ከይተፈለጦ ዝረዓሞን ኣሉታዊ ባህርያት ኪኸውን

ይኽእል። ቀንዲ መበገሲኡ ርሑቕን እተሓላለኸን እኳ እንተ ኾነ፡ ተኸታታሊ ወረራን መግዛእትን ግን ገለ ካብቲ ቀንዲ ምኽንያታቱ እዩ።

ገለ ሰባት ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኢሰብኣዊ ምምሕዳር ንበይኑ፡ ነቲ ባህርያትን ውሽጣዊ ድሌታትን ህዝቢ ድማ ንበይኑ ገይሮም ኪወስዱዎ ይፍትኑ። ግን ክልቲኡ እተኣሳሰረን እተዛመደን እዩ። ሓደ ሰብ ርእሱ ኪሓምም ይኽእል እዩ፡ ግን ምኽንያት ናይቲ ሕማም ርእሲ፡ ኣቐዲሙ እተኸሰተ ናይ ኣካላት ምብልሻው ወይ ድኽመት ወይ ረኽሲ ኪኸውን ይኽእል። እቲ ሕማም ርእሲ፡ ሲምቶም ወይ ምልክት ደኣምበር ባዕሉ ሕማም ኣይኮነን። ነቲ ሕማም ርእሲ ወይ ናይ ርእሲ ቃንዛ ዘምጸኦስ፡ ባዕሉ እቲ ነቲ ሕማም ተሰኪሙ ዘሎ ኣካል እዩ። እቲ ኣካል ምስ ዚሓዊ፡ ሕማም ርእሲ ድማ ደው ይብል። ነቲ ሕማም ርእሲ ከተጥፍኦ ብማለት ኣፋውስ ምብዛሕ ግን፡ ፍረ ኣይህብን። እንተ ሃበ እውን፡ ንግዜኡ እምበር ዘላቒ ኪኸውን ኣይክእልን።

እቲ ንሃገር ዘመሓድር ስርዓት ወይ ጉጅለ፡ ዝኾነ ዓይነት ምሕደራዊ ኣገባብ ይሃሉዎ ብዘየገድስ፡ ባዕሉ ካብ ባዶ ተላዒሉ ዝመጸ ኣይኮነን። ብመሰረት ሕጊ ጠንቅን ሳዕቤንን (cause and effect) ዝኾነ ዓይነት ፍጻመ ወይ መስርሕ፡ መበገሲ ኣለዎ። ኣብ ታሪኽን ጀዮግራፍያዊ ኣቀማምጣን ባህልን ህዝብና ኣቲና ምስ እንምርምርን እንዕዘብን፡ ናይ ወራር ጠንቅታትን፡ ምስቲ ወራሪ ዚመጽእ ናይ ባህሊ ምዝራግን፡ ብኡ ዚፍጠር ሓድሽ ፖለቲካዊ ስርዓትን፡ ምዝንባል ባህላዊ ምሕደራን፡ ኣብቲ ህዝቢ ናይ ኣመለኻኽታን ኣረኣእያን ኣተሓሳስባን ለውጢ ከምጽእ ክኢሉ እዩ። ኣወንታዊ ወገኑ ተቓውሞ ምርኣይ ኪኸውን ከሎ፡ ኣሉታዊ ሸንኹ ድማ ነንሓድሕድካ ተኻሓሒድካን ተማቓቒልካን ግን ከኣ ምስቲ ገዛኢ ተሰማሚዕካን ተምበርኪኽካን ምንባር እዩ።

ክውረርን ብወራሪ ኪመቓቐልን ክከፋፈልን መዋእሉ ዘሕለፈ ህዝቢ፡ ዘይሩ ዘይሩ ኣሉታዊ ናይ ምክፍፋልን ናይ ሓድሕዳዊ ምጥርጣርን ባህርያት ኪፈጥር ልሙድ እዩ። ወራሪ ዚጸልኦ ወይ ዘፍርሆ ነገር እንተሎ፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ስኒትን ምትሕብባርን ምርኣይ እዩ። እቲ ንሕብረት ከም ሓደጋ፡ ንስምምዕ ከኣ ከም መዓት ገይሩ ዚርኢ ወራሪ፡ ገና ነታ ሃገር ከይወረራ ከሎ እዩ ኣብቲ ህዝቢ ምክፍፋልን ምብትታንን ኪዘርእ ዚፍትን። ብሃይማኖት፡ ብኣውራጃ፡ ብዓሌት፡ ብታሪኽ፡ ብባህሊ ወዘተ ኪፈላሊ ይፍትን። ምምሕዳራውን ቁጠባውን ስልታውን ኣጽዋራውን ልዕልና ስለ ዘለዎ ድማ ይዕወት። ሽዑ፡ ሓው ኣብ ልዕሊ ሓው ይለዓል። ኣብ ስድራቤት ከይተረፈ ምጥርጣራት ሰሊኹ ይኣቱ፡ ኣብ ኩሉ ህይወታዊ ንጥፈታት ድማ ዘይምትእምማን ይሰፍን። እዚ ድማ ነቲ ወራር ምቹእ ሃዋህው ይፈጥረሉ። እቲ ወራሪ ነዚ ስልትዚ ወይ ጥበብዚ ቀጻሊ እዩ ዚጥቀመሉ፡ ከመይሲ ኣብቲ ህዝቢ ሕብረትን ምትሕብባርን ምስ ዚፍጠር፡ ነዊሕ ከም ዘይቅመጥ ስለ ዚፈልጥ።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ እተባህለ፡ ንኹሉ ነገር መንቀሊ ወይ ጠንቂ ኣለዎ። ኣሉታዊ ይኹን ወይ ኣወንታዊ፡ ናይቲ ጠንቂ ሳዕቤን ኪህሉ ግድን እዩ። ኣብ ሃገርና ወረርቲ በብተራ ኪመጹና ዝኸኣሉ ምኽንያት ብዙሕ ኪኸውን ይኽእል፡ ግን ቀንዲ ምኽንያት፡ እቲ ጀዮግራፍያውን ስትራተጅያውን ኣቃውማ ሃገርና እዩ ኪብሃል ይከኣል። በዚ መሰረትዚ፡ ግሪኻውያንን ህንድን ከም ነጋዶ ኣብ ገማግም ባሕርና፥ ዓረብን ቱርክን ጣልያንን ከም ወረርቲ፥ እንግሊዝ ከም ሓውሲ ወረርቲ፥ ሃጸያዊትን ደርጋዊትን ኢትዮጵያ ከም ጎረቤታዊት ወራሪት፡ ድሕሪኡ ድማ ናይ ሓው ወይ ዘቤታዊ ወረራ

ብህግደፋውያን መጺኡ። ናይዞም ኩሎም እተጠቕሱ ሓባራዊ ረቛሕን ሓደ ዘምስሎምን ስልቲ እንተሎ፡ ኣብቲ ህዝቢ ዝርግርግን ሕንፍሽፍሽን ዘይምስምማዕን ዘይምሕባርን ምፍጣር እዩ። ኣብዚ ግን፥ ገለ ሰብ ከመይ ደኣዩ ዘቤታዊ ወረራ ዚብሃል ዘሎ ብምባል ኪግረም ይኽእል ይኾውን። ኣብ ዓለም፡ ካልእ ፍልልያት ገዲፍካ፡ ክልተ ዓይነት ወረርቲ ኣለዉ ኪብሃል ይከኣል፥ ባዕዳውያንን ዘቤታውያንን።

መጀመርያ ግን፡ ወራሪ ኪብሃል ከሎ እንታይ ማለት ምዃኑ ክንግንዘብ ይግባእ። ወራሪ፡ ነቲ ዝወረሮ ህዝቢ ከም ማዕረኡ ገይሩ ኣይወስዶን። ሰብኣዊ መሰሉ የሕድጎ። ባህሉ የዕንወሉ፡ ከም ካልኣይ ዜጋ ይርእዮ። ኣይሓልየሉን። ኪመሃርን ኪስልጥንን ኣይደልዮን። ወላውን ትምህርቲ እንተ ከፈተሉ፡ ንኽገልግሎን ነቲ ኣጀንዳኡ ኽዐውትን ጥራይ እዩ ዚደሊ። ጣልያን ክሳዕ ራብዓይ ክፍሊ ትምህርቲ ከፍቅዱልና ኸለዉ፥ ብቑዓት ቢያንቶነን ተለኣኣኽትን ሓሰውትን ንኽንክውን እዩ። በቲ ዝሃቡና ስራሕን ደሞዝን ተዓሺና ድማ ንሓውና ንንዕቕን ነጥቅዕን ኔርና። ኢትዮጵያ ነቲ ባህልና ዘዕነዉዎ መታን ብቑዓትን እሙናትን ኢትዮጵያውያን ንኽንክውን እዩ። እንግሊዝ ድማ፡ ከም ፓርቲታት ኣምሲሉ ኣብ መንጎና ሕንፍሽፍሽን ዝርግርግን ኣእትዩልናን ዘሪኡናን ከይዱ።

ወራሪ ዚብል ቃል ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ካብ ኮነ፡ ሓው ኣይብል ዘመድ ኣይብል። ህግደፋውያን፡ ኤርትራውያን ይኹኑ እምበር፡ ነቲ ናይ ወራሪ ባህርያት ብልክዕ ስለ ዚኽተሉዎ፡ ወረርቲ እዮም። መሰል ሰብ እንተ ደኣ ገፊፎም፡ ባህሊ እንተ ደኣ ኣዕኒዮም፡ ሃብቲ  ሃገር እንተ ደኣ ዘሪፎም፡ መዓስከራት ዚመስል ኣብያተትምህርቲ እንተ ደኣ ዚኸፍቱ ኾይኖም፡ ህዝቢ ገዲፉዎም ናብ ጎረቤትን ባዕዳውን ሃገራት ዚውሕዝ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ስምረትን ስኒትን ዚብል ኣምራት ዝጸልኡ እንተ ደኣ ኾይኖም¤ ካብ ወራሪ ዚፈልዮም ደኣ እንታይ እዩ? ባሕሪ ሰጊሮም ወይ ዶብ ጥሒሶም ስለ ዘይመጹ ድዩ? ናይ ወራሪ ባህርያት ካብ ኣርኣዩ፡ ብባሕሪ ይምጽኡ ወይ ብኣየር ይምጽኡ፡ ወረርቲ እዮም!!

ህግደፋውያን ከመይ ኢሎም ኪወሩና ማለት ኣብ ልዕሌና ናይ ወረርቲ ባህርያት ከስፍኑ ኽኢሎም? ስለምንታይከ ነቲ ህዝቢ የጽንቱዎን ነታ ሃገር ድማ የብርሱዋን ኣለዉ? ንሳቶም ድዮም ጸገም ወላስ ንሕና ኢና መበገስቲ ጸገም? ከይተዓደሙ ድዮም መጺኦም ወይስ ብገለ ናይ ባህርያትናን ኣእምሮኣዊ ኣቃውማናን ጸገማት ኢና ባዕልና ዓዲምናዮም? በዓልቲ ቤቱ ንፕረሲደንት ሩዝቨልት ከምዚ ኢላ ይብሃል፥ ውርደት ባዕላ ኣይትመጽእን፡ ባዕልኻ ኢኻ እትዕድማ። ከምኡውን ገለ ስነ-ኣእምሮኣውያን ከምዚ ይብሉ፥ ዝኾነ ኣብ ዓለም ዚኸነፈካ ጸገም፡ ብምሉኡ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ብገለ ሸነኻቱስ ባዕልኻ ኢኻ እትዕድሞ። ኣብ ነዊሕ ግዜ ብታሪኽን ብባህልን ዘጥረኻዮ ብተኸታታሊ ወራራት እተበከለ ሕቡእን ኣሉታውን ባህርያት፡ ነቲ ናይ ተቓውሞን እምቢ በሃልን መንፈስካ ንኽልምሶ ወይ ንኽዳኽሞ ተኽእሎ ኣለዎ። ዝለመሰን ዝተዳኸመን መንፈስ ድማ ውዒሉ ሓዲሩ ንገፋዒኡ ዚዕድም ድራኸ ይፈጥር እዩ።

ኣቦታትና ብናይ ጣልያን ግፍዒ ሞኽ ምስ በሉ፡ ገለ ለባማት ከምዚ ዚስዕብ እህህታ ኣተንቢሆም ይብሃል፥ መልሓስና እምበር ሕልናናስ ሞይቱ እዩ መንፈስካ ወይ ሕልናኻ ምስ ሞተ፡ ንነዊሕ ግዜ ከይሞተ ዚቕጽል መልሓስ ጥራይ እዩ። ግን ከኣ መልሓስ እውን ንምጥርናፍ ህዝቢ፡ ንምትብባዕ ህዝቢ፡ ንምእካብ ህዝቢ የገልግል እዩ። ኣብ ጸርፍን ክትዕን ዘለፉን ኪውዕል ከሎ ግን፡ ዕምሪ ወራሪ ንኸንውሕ እንተ ዘይኮይኑ ምንም ውጽኢት ኣይህብን።